# ሓቢርና ወሕስነት ከተማኽ ሱንድስቫል ነረጋግጽ

መንነቱን ኣበይ ይነብርን ብዘየገድስ፡ ወሕስነት ወይ ቅሳነት ተሰሚዑዎ ክነብር **ሰብኣዊ ማሰል ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ እዩ።**

ስለዚ ድማእዩ ወሕስነት ኮሙና ንክወስኽ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ንገብር።

ንኮሙና ናብ 14 ከባቢታት ከፋፊልና፡ ነፍሲ-ወከፍ ከባቢ ድማናይ ገዛእ ርእሳ ጉጅለ ወሕስነት ክህልዋ ገይርና ኣለና።

ኣብዘን ጉጅለታት ከምፖሊስ፡ ሰራሕተኛታት ማዘናግዒ ማእከላት፡ ሓለፍቲ ቤት ትምህርቲ፡ ወነንቲ ኣባይቲ፡ ወነንቲ ትካላትን ዝተፈላለያ ማሕበራትን ኣባላት ኣለው።

እዘን ጉጅለታት ንኣከባቢ ንምምሕያሽን ንለወጠን ዝኾኑ ጠቐምቲ ወጥናት ምወጻእ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት እዛ ኮሙና ዝርከቡ ዜጋታት ብምርካብ ሓሳብ ምልወዋጥን ዝርርብን ይነጥፉ።

ሓድሕዳዊ ምትሕብባር፡ ምህናጽ መራኸቢ መርበባትን ጠቐምቲ መራኸቢ ማእከላትን ገለ ካብቲ ቀንዲ ዕማማት እዮም።

ብዘይካ እዚ፡ እዘን ጉጅለታት ኩነታት ወሕስነት ነፍሲ ወከፍ ከባቢ ንምግምጋም፡ ቀጻሊ ዑደት ከተማ ንምግባር ንኸሉ ግዱስ ይዕድሞ።

መደብ ፕሮጀክት "ወሕስቲ ሱንድስቫል" ኣብ ድሌትን ተሳትፎን ብዙሓት ዝምርኮስ እዩ።

ማሰረት እዚ ሓሳብ፡ ኩሉ ነባሪ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮኡ ኣብ ማሕበረ ሰብ ንቕሓትን ተሳትፎን ክህልዎ እዩ። ነበርቲ ነንሓድሕዶም ሌላ ክህልዎምን ክፋለጡን ጥራይ'ውን ዓቢ ለውጢ ዘምጽእ ኣስተዋጽኦ እዩ።

---

## ነዛ ወሕስቲ ኮሙና

ብዛዕባ ወሕስነት ከባቢኻ ሕቶ ወይ ርእይቶ ኣለካ'ዶ? ብዛዕባ ዕዮናን ንሕቶ ወሕስነት ብኸመይ ንሰርሕን ክትፈልጥ ትደሊ'ዶ?

ንዝያዳ ሓበሬታ sundsvall.se/tryggasundsvall ተወከስ። ናይ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ወኪል ኢመይልን ቁጽሪ-ስልኪን ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ መርበብ ሓበሬታ ኣሎ።

እዋናዊ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ ፈይስቡክ፡ ወሕስቲ ሱንድስቫል Trygga Sundsvall ዝብል ገጽ ርአ።